## ዜና 11 ሓምለ 2007
## ናብ ኢትዮጲያ ክትከዱ ዝተባህሉ 6 መንእሰያት ተረኺኖም

ኣብ ከባቢ ዓድ'ኳላ ዓስኪረን ካብ ዝርከባ ኣሃዱታት ሽዱሽተ መንእሰያት ናብ ኢትዮጲያ ክተሰግሩ መዲበኩም ተባሂሎም ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ከምዝተረሸኑ ካብቲ ከባቢ ዝበጽሓና ሓበሬታ ገሊጹ። ከምዝፍለጥ ናብ ኩለን ኣሃዱታት ኣብ ዝተሰደደ ዘዋሪ መልእኽቲ ዝኾነ ዶብ ክሰግር ዝተረኽበ ንኽርሸን ትእዛዝ ከምዝተመሓላለፈ ይዝከር።

## ንምድንፋዕ ድምጺ መሰልና ደሊና ወፈያታት ይቕጽል፡

ተቐማጦ ኣትላንታን ከባቢኣን ድምጺ መሰልና ንምድንፋዕ 2060 ዶላር ኣመሪካ ወፍዮም። እቶም ዜጋታት ናብ ድምጺ መሰልና ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ

ትገብርዎ ዘለኹም ጻዕሪ ኣዝዩ ኣገዳስን ውዓል ሕድር ዘይብሃሎ ናይ ህዝቢ ጠለብን ብምኻኑ፡ ንሕና ምትሕብባር ኤርትራውያን ንፍትሕን ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ኣትላንታ ጆርጅያ፡ ንጽቡቕ ኣገልግለትኩም ኣሳልጦን ዓወትን ንምነየልኩም።

ቀጺልናውን ካብ ግዱሳት ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣትላንታ ብዝገበርናዮ ኅስንስ፡ $2060.00(US) ንሰደልኩም ኣለና። ድጊምና ንእትህብዎ ኣገልግሎት ኣዚና እናመስገና፡ ትገጥምዎ ዘለኹም ዕማም እዋናውን ውጽኢታውን ምኻኑ ብዚ ኣጋጣሚ ክንሕብረኩም ንፈቱ ይብል። ከምዝዝከር ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ቦስተን ኣመሪካ፡ ኣስታት 5000 $ ተቐማጦ ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኣን፡ $2825.00 ተቐማጦ Charlotte, North Carolina $1850.00 ንምድንፋዕ ድምጺ መሰልና ደሊና ከምዝወፈዩ ይዝከር።

ብተመሳሳሊ መገዲ፡ ኣብ ከተማታት ኣመሪካን ኣውሮጳን'ውን ካናዳን ካልኦትን ግዱሳትን ውፉያትን ዜጋታት ብዝተወሃሃደ መልክዕ እቲ ወፈያ የካጥፍዎ ከምዘለዉ ይፍለጥ። ድምጺ መሰልና ደሊና ነዚ ዘሕብንን ዘኹርዕን ሓገዝ ዘበርከቱ ዜጋታት ልባዊ ምስጋናኣ እንዳገለጸት፡ ነዚ ቁዱስ ተግባር ኩሉ ዜጋ ክስዕቦ ትላቦ።